29-06-2010

# 23 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ዑቕባ መሰል ረኺቦም።

**ሎሚ 29 ሰነ 2010፡ 23 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ ብሰላም ኣዲስ-ኣበባ ኣትዮም። እዞም ሎሚ ረፋድ ዝኣተዉ መብዛሕትኦም ደቂ-ተባዕትዮ መንእሰያት'ዮም ክኾኑ ከለዉ ካብኣቶም 6ተ ደቂ-ኣንስትዮ ይርከብኦም። ከምኡ'ውን ሓደ ህጻን ዕሸን ወዲ 2-ዓመትን 6 ወርሕን ምስኣቶም ኣትዩ ይርከብ።**

**ካብዞም ሎሚ ረፋድ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት እቶም 13 ወተሃደራት ናይ ስርዓት ህግደፍ ዝነበሩ'ዮም።**

**ብዘይካዚ ካብዞም ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት 3ተ ካብኣቶም፡ ብሰንኪ ጭካነ ወተሃደራት ኩነታት ጥዕንኦም ኣብ ሕማቕ ኩነታት ይርከብ።**

**ኣዲስ-ኣበባ ኣብ ዝኣተዉሉ ሰዓት ድማ፡ "ብምምሕዳር ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ (ARRA)" ድሙቕ ኣቀባብላ ድሕሪ ምግባር፡ ነቶም ኩነታት ጥዕንኦም ኣብ ሕማቕ ዝርከቡ፡ ቀዳማይ ረዲኤት ብምሃብ፡ ብቐጥታ'ዩም ናብ ሆስፒታል ብምልኣኽ፡ ዝለዓለ ሕክምና ኣብ ምርካብ ይርከቡ።**

**ነቶም ዝተረፉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ድማ፡ ብሰላም ናብ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘዕርፍሉ ኣፋንይዎም። ክሳብ ሎሚ ዕለት ድማ፡ ካብ ቤት-ማእሰርቲ ግብጺ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ቁጽሮም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ 1368 በጺሑ ይርከብ።**

# ሎሚ ረፋድ ካብ ዝኣተዉ የሕዋት ዘርኢ ምስሊ ብሽፈል፡





## ሓልዮትን ምትሕግጋዝን

## ህያው ባህልና'ዩ!!